SBS

# Media Release

5 October 2021




## ኤስ.ቢ.ኤስ. (SBS) መጻኢ ዕድል ኤስ.ቢ.ኤስ. ሬድዮን (SBS Radio) ኣገልግሎታት ቋንቋን ኣብ ምቕራጽ ንክሕግዞ ርእይቶ ማሕበረሰብ ይደሊ ኣሎ

ኣካል ናይ'ቲ ኤስ.ቢ.ኤስ. ጠለባት ናይ'ዛ ዘመናዊት ኣውስትራልያ ንምምላእ ቀጻሊ ክምዕብል ዝኣተዎ ቃል፣ ኤስ.ቢ.ኤስ. ብመንገዲ ኤስ.ቢ.ኤስ. ሬድዮ ዝቐርቡ ናይ ቋንቋ ኣገልግሎታቱ ስሩዕ ገምጋም ምግባር ጀሚርዎ'ሎ፡ ኣብ'ቲ ተኣሚሙ ዘሎ መምረጺ መለክዒታት (selection criteria) ክኣ ርእይቶ ክወሃቦ ንምዕዳም ሎሚ ህዝባዊ ዘተ ይኸፍት ኣሎ።

እዚ ገምጋም ኣገልግሎታት ቋንቋ ኤስ.ቢ.ኤስ.፣ ኣገልግሎታት ሬድዮ ኤስ.ቢ.ኤስ. ብቕልጡፍ እናተቐየረን ቀጻሊ ዝውስኽ ብዙሕነት ማሕበረሰብን ኣውስትራልያ ንምንጽብራቕ ምስ ሃገራዊ ቆጸራ ህዝቢ (National Census) ጎድኒ ጎድኒ ዝኸይድ ኣብ ነብሲ ወከፍ ሓሙሽተ ዓመት ዝካየድ መስርሕ እዩ። እቶም መለክዒታት መምረጺ ብሓባር ምስ ኣሃዛት ቆጸራ ህዝቢ 2021 ተዛሚዶም ንዝመጽእ ሓሙሽተ ዓመታት እቶም ዝፍነው ኣገልግሎት ቋንቋታት ንምውሳንን፣ እቶም ኣገልግሎታት ዝፍነዉሎም ኣገባባት ክሕብር ኣብ ምሕጋዝን ክገልግሉ'ዮም።

እዚ ገምጋም ኣገልግሎታት ቋንቋ ንሬድዮ፡ ኤስ.ቢ.ኤስ. ኦን ዲማንድ (SBS On Demand)፡ ፈነወ ፖድካስትን ካልኦት ዲጂታዊ መድረኻትን ዘካተተ ኤስ.ቢ.ኤስ. ዘቕርቦም ኣገልግሎታት ድምጽን ቋንቋታትን የካትት።

እዚ ሎሚ ጀሚሩ 12 ሕዳር 2021 ዝውዳእ ንሽዱሽተ ሰሙን ዝካየድ ህዝባዊ ዘተ ኣብ መጻኢ ዕድል ኣገልግሎታት ኤስ.ቢ.ኤስ. ሬድዮን እቲ መርበብ ዘቕርቦም ሓፈሻዊ ኣገልግሎታት ድምጽን ቋንቋን ከበርክቱ ንማሕበረሰባት ኣገዳሲ/ጽቡቕ ኣጋጣሚ'ዩ፡ ኩሉ ርእይቶ ከኣ ኣብ ምቛም'ቶም ኣብ መወዳእታ ንጥቀመሎም መለክዒታት መምረጺ ኣብ ግምት ዝኣትዉ'ዩ።

**ዳይረክተር ትሕዝቶ ድምጽን ቋንቋን ኤስቢኤስ፡ ደይቪድ ሁዋ፣ ከምዚ ይብል፣** "ኤስ.ቢ.ኤስ. በቶም ብዝሐቋንቋዊ ኣገልግሎታቱ፣ ብመንገዲ ብዙሓት መራኸቢ ነጥብታት ኣቢሉ፣ ናብ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት ኣውስትራልያ ክበጽሕን ክራኸብን ፍሉይ ብቕዓት ኣለዎ። ንልዕሊ 45 ዓመታት ፈጠራዊን ትርጉም ዘለዎምን ኣገልግሎታት ናብ ማሕበረሰባት ነቕርበሎም መንገድታት ከከምኩነታቱ እናተዓራረና ክንቅጽል ጸኒሕና ኢና፣ ሎሚ ብመንገዲ ሬድዮ፣ ኦንላይን፡ ፖድካስትታትን ኣፕን (apps) ብልዕሊ 60 ቋንቋታት ከምኡ ንገብር። እዚ ገምጋም: 50 ዓመት ክንመልእ ኣብ ነማዕድወሉ: ንኤስ.ቢ.ኤስ. ኣብ ምቕራጹ ወይ መልክዕ ኣብ ምትሓዙ ክሕግዝ'ዩ።

"ወሳኒ ተራ ብዝሐቋንቋዊ ኣገልግሎታት ኤስ.ቢ.ኤስ. ኣብ ግዜ ለበዳ ኮቪድ-19 ተመስኪሩ'ዩ፣ ወሰንቲ ዝኾኑ እዋናዊ ምዕባለታትን ሓበሬታታት ጥዕናን ብዝመርጹዎ ቋንቋ ናብ ማሕበረሰብ ብምቕራብ። እዚ ገምጋም ኣገልግሎታት ቋንቋ ናይ ሎሚ ጠለባት ማሕበረሰባት ኣብ ኣውስትራልያ እናንጸባረቕና ክንቅጽል ንምርግጋጽ ዘኽእል ኣገዳሲ ኣጋጣሚ'ዩ።

"ነቕርቦም ቋንቋታትና በብግዚኡ ምሕዳስ ንኤስ.ቢ.ኤስ. ነቶም ብባህሊን ቋንቋን ዝተፈላለዩ ድሕረባይታታት ዘለውዎም ዝዓበዩ ማሕበረሰባት ብዝሓሸ ንምግልጋልን፣ ነቶም ሓደስቲ ዝቕልቀሉን ልዑል-ጠለባት ሓገዝ ዘድልዮም ማሕበረሰባት ከኣ ኣገልግሎታት ከቕርብን የኽእሎ። ኣብ'ዚ መስርሕ ንሰማዕትና ድምጺ ምሃብ እቲ ወሳኒ ክፋል'ዩ፣ ኣብ መላእ ኣውስትራልያ ዘለው ማሕበረሰባት ከኣ ርእይቶኦም ከካፍሉና ነተባብዕ።"

እቲ መምረጺ መለክዒታት ግንቦት 2022 ክጠናቐቕ እዩ፣ እቲ ተገምጊሙ ዝተወደአ ኣገልግሎታት ቋንቋ ኤስ.ቢ.ኤስ. ከኣ ቅድሚ መወዳእታ 2022 ክትግበር'ዩ።

እቲ ህዝባዊ ዘተ ነቶም መምረጺ መለክዒታት ዝካየደሉ እዋን ካብ 5 ጥቅምቲ ክሳብ 12 ሕዳር 2021 ክኸውን'ዩ። እቲ እማመ መምረጺ መለክዒታት ክትምልከትዎን ርእይቶኹም ክትልእኩን ከተእትዉን ናብ sbs.com.au/consultation ኪዱ።

[
**ተወሳኺ ሓበሬታን ቃለመሕትት ክትሓቱ ምስ እትደልዩን ትሕተት ሰብ፡**
ኬይት ዎርኖክ (Kate Warnock) | kate.warnock@sbs.com.au | 0419 316 135
]

**Special Broadcasting Service**
14 Herbert Street, Artarmon NSW 2064 Australia sbs.com.au